# <u>ንገስግስ ንወፍሪ</u>

*ደቒ ኤረይ ሃየ ንውፈር ንወፍሪ፡
ተዛዚሙ'ዩ ናይ ወያነ ቀብሪ፡
ሃገር ክንሃንጻ ሰድሪ ብሰድሪ፡
ታሪኽ ክንሰርሕ ዝኸውን ነባሪ።

*ደጊም ንበገስ ኣድህዮ ነቲ ጎበዝ፡
ኣድህያ ነታ ጎርዞ ብእዋኑ ክትትሓዞ፡
ፈታዊ ክሕጎስ ጸላኢ ክቑንዞ፡
ዝውገን ወጊና ሰፈሩ ክነትሕዞ።

*ኤርትራ ሃገርና ተሓጎሲ ኮሪዕኪ
ኣብ ፍረ በጺሑ ዝተኸልክዮ ፈልሰኪ፡
ደቅኺ ፈዊሶም ዝሮኾሲ ቁስልኪ፡
ዓይኑ ይደፈን ዝጸልእ ናዓኺ።

*ቅናትኪ ጽኑዕ በታኺ ዘይብሉ፡
ሓቅኺ ደፊኖም ኣሉ ዝበሉ፡
ሕፍረት ሰኒቖም ከድዓት ተኻሉ፡
ወንጮ ተኸዲኖም ጸለሎ ይምሰሉ።

* ኢልና እንዲና ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ፡
ብሓንሳብ ንወፍር ከም ቆፎ ንህቢ፡
ፍረ ክንረክብ ናይ ጻማና ዓስቢ፡
ፈንፈስ ሰላም ኣብ ልዕለና ይዝምቢ።

ንርባሪ ዝኸሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር